ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.198 | 19 ሰንበት ሚያዝያ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ፍልልይ ኣብ መንጎ ሂስፓኒክን ላቲንን



ገጽ 4
ፍቓድ መሰል ምትሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ



ገጽ 5
ሓካይምን ተሓከምትን ሰውራ



ገጽ 7
ግንባር ወጻኢ
ኣብ ጽንዓትን መኸተን



# ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ንነበርቲ ሰሚናራት ኣካዪዱ





ስእሊ. የውሃንስ መብራህቱ

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ማእከል ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ ጉብረሚካኤል፡ ብ15ን 16ን ሚያዝያ ንዓርቢ ንኣሳን ዞባታት ማይተመናይ፡ ዕዳጋ-ሓሙሱ፡ ፓራዳይዝ፡ ኣኽርያን ኣባሻውልን ሰሚናራት ሂቡ።

እቲ ሰሚናራት፡ ብቐንዱ ኣብ ምክልኻል ገበን፡ ብመንእሰያት ዝዘውተር ገበናት፡ ከምኡ'ውን ተራ ክብረታትን ሕብረተሰብን ኣብ ምውጋድ ገበናት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ቀዳማይ ርብዒ 2025ን 2026ን ብደረጃ ዞባ ዝተመዝገበ ገበናት፡ በደላትን ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ብኣሃዛት ኣሰንዩ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝሃበ ሌተናል ኮሎኔል ግርማይ፡ ህዝቢ ጸጥታኡ ንምውሓሱ ንዝርአዮ ኩነታት ገበን ዓገብ ክብል ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘጋጠመ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ፡ 17 ሞት፡ ልዕሊ 200 መቑሰልትን ልዕሊ 4 ሚልዮን ዕንወት ኣብ ንብረትን ከምዝወረደ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ መዳይዚ ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ክየበር ዘለዎ ጥንቃቐን ዘተኮረ ዕቱብ ስራሕ ከምዝድሊ ኣገዚቡ።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡስ ዞባታትን ኣዘዝቲ ራብዓይን ካልኣይን መደበራት ፖሊስን ብግደኦም፡ ተሳትፎ ነበርቲ ኣብ ምኽባር ጸጥታ ከባቢን ምቕላዕ ገበናትን ገበነኛታትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ሰሚናር ኣገዳሲ ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ፡ ብመሪሕነት ብሽክሊታ ዝፍጸም ጥሕሰት ሕጊ ንኽግታእ፡ ፖሊስ ትራፊክ ቁጽጽሩ ክሓይል፡ ከምኡ'ውን ንገበኛታት ዝበየን ሕጋዊ መቕጻዕቲ ኣራሚ ክኸውን ተላብዮም።

ፖሊስ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 11 መደበራት ፖሊስን 7 ነቑጣታት ፖሊስን ተዘርጊሑ፡ ምስ ህዝቢ ተወሃሂዱ ንጥፈታቱ የሰላስል።

# ሸዕብ - ንመምህራን መዋእለ-ህጻናት ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተዋጽኡ መምህራን መዋእለ-ህጻናት፡ ብዮዙበርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተሰነየ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና፡ ብ14ን 15ን ሚያዝያ ተዋሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ምድላው ውጥን፡ ከምኡ'ውን ሱ-ምምህርናን ሱ-ኣእምሮን ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ሱፐርቫይዘር ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መርየም ዐሰሞን፡ እቲ ስልጠና ብፍላይ ኣብ ሓደስቲ መምህራን ኣተኩሩ ከምእተዋህበ ጠቒሱ ኑቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ተሳታፍነት ሓጋዚ ምኻኑ ገሊጹ።

ሓላፊት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ጀሚላ ሓሰን ብወገና፡ ብደረጃ ዞባ ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብዙሓት ደስራሕ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና ንተራ መምህራን ክብ ከምዘብሎ ሓቢራ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኣቶ ጀምዕ ሳልሕ ንሓፈሻዊ ኩነታትን ደረጃን ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ መጠን ተሳታፍነት ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብኣስታት 100 ሚእታዊ ዕብየት ከምዘርኣየ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣገዳስነቱ ልዑል ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

# ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል፡ ዓውደ-ዘተ ወዲቡ

ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምዕባለ ንጥፈታት ቱሪዝም ብሓፈሻ ኣወዳድባ ቅኑ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም ድማ ብፍላይ ዘተኮረ ዓውደዘተ፡ ብ17 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ክፍሊ ሓላፊ ጨንፈር ፍቓድ ስራሕን ምቁጽጻር ትካላትን ኣቶ ተኽሉ ጉብረልኣል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዓውደዘተ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ንዘለዉ መደባት ዝድርዕ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ዝሎ ዓበይቲ ዕድላትን ጸገማትን ብዘየገድስ ንምምዝማዝ ምትሕብባር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣበሪሁ።



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ



ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣስመሮም ጺጉብርሃን ድማ፡ ኣብ ዝምድና ባህላዊ ወርሻን ቱሪዝማዊ ጸጋታትን ዘተኮሩ፡ ኣብ ሃገራውን ሃይማኖታውን በዓላት ዝዝውተሩ ብዝምልከት፡ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ዝተሰነየ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ንኣገዳስነት ቱሪዝም ከምኡ'ውን ተራ በዓላትን ባህላዊ ወርሻታትን ኣብ ምዕባለ ጽላት ቱሪዝም ዘጉልሕ መብርሂ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣርቲዴኮ ህንጻታት ከተማ ኣስመራ እዋናዊ ጽገና እንተዝግበረሉ፡ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከብ ታሪኻዊ ድፋዓትን ጥንታዊ ቦታታትን ድማ ብየገቡእ ተፈቲሹ ምስ ዝዕቀብ፡ ኣብ ምዕባለ ጽላት ቱሪዝምን ፍሉይ በጺሕትን ኣበርክቶ ከምዝህልዎ ክገልጹ ከለው፡ ኣብ ከባቢ ማይ-ድምናት ዑደት ኣካዪዶም።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ ንወደብቲ ናይ'ቲ ዓውደዘተን ኣቕረብቲ ጽሑፋትን ብምምጓስ፡ ኣብ ጽላት ቱሪዝም ዝሰጥፉ ኣካላት ኣብ ሰሓብነት ዝያዳ ኣተኩሮ ክገብሩ ተማሕጺኖም።

# ኣለቡ - "ዝሑል መኽዘን"፡ ኣብ ምዕቃብ ሕርሻዊ ፍርያት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር

ኣብ ኣለቡ - ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ተደኩኑ ዝርከብ "ዝሑል መኽዘን"፡ ኣብ ሕርሻታት ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን ጋሽ-ባርካ ንዝፈሪ ሕርሻዊ ምህርቲ ኣብ ምዕቃብ ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።



ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ትካል መሃንድስ ሳልሕ ሓምድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝሑል መኽዘን ኣለቡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተመስረተ ኣግሮ-ኢንዱስትሪያዊ ትካላት ኮይኑ፡ ኣብ ሕርሻታት ኮርፖሬሽን ዘራእትን ጥሪትን ንዝፈረየ ሕርሻዊ ምህርቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ፋብሪካታት ባናቶምን ኣፍሂምቦልን ዝተመስርሐ ሳልሳ ብምዕቃብ ውሑስ ቀረብ ከምዝገብር ኣረዲኡ።

እቲ ትካል ክልተ ሽሕ ቶን ዝግመት ሕርሻዊ ፍርያት ናይ ምዕቃብ ዓቕሚ ከምዘለዎን ክሳብ ትሕቲ ኣሉታ 25 ዲግሪ ሴንቲግሬይድ ዝበጽሕ ዛሕሊ ከመንጩ ከምዘኽእል ብምግላጽ፡ ሕርሻዊ ፍርያትን ውጽኢት ዓሳን ጥሪትን ተቐቢሉ ብውሑስ ኣገባብ ክዕቅብን ናብ ተጠቃምነት ከውዕልን ስለዝኽእል፡ ሓረስቶት ክጥቀሙሉ ኣተሓሳሲቡ።



ኣብ'ቲ ትካል ዝሰርሑ ኣባላት ብወገኖም፡ ዝሑል መኽዘን ኣለቡ ኣብ ርእሲ'ቲ ሕርሻዊ ፍርያት ተቐቢሉ ናይ ምዕቃብ ኣስተዋጽኦ፡ መንእሰያት ሞያዊ ብቕዓቶም ዘዕብዩሉን ተመኩሮ ዝድልቡሉን ባይታ ፈጢሩ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ዓበይቲ ሓረስቶት ኑቲ ዕድል ክጥቀሙሉ ጸዊዖም።

## ባጽዕ - ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ተዛዚሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ፡ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ንጥፈታት ትምህርቲ፡ ባህልን ስፖርትን ዘጠቓለለ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብ15 ሚያዝያ ብድምቀት ተዛዚሙ።

ሓላፊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ከሰተ ጉብረሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ካብ 14 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ልዕሊ 600 ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ፡ ሓያል ናይ ውድድር መንፈስ ዝተንጸባረቐሉ መደባት ከምእተኻየደ ኣብሪሁ።

እቲ ቅነ፡ ምስ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ተሳንዩ ዝኸይድን ኣብ ምስፋሕ ፍልጠት ተመሃሮ ቀሊል ዘይኮነ እጃም ዘለዎን ምዃኑ ዝሓበረ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ባጽዕ መምህር እስማዒል ሳልሕ ብወገኑ፡ ኣብ መጻኢ እናሰፍሐ ከምዝኸይድ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር መሓመድ ዓብደላ ብግደኡ፡ ቀንዲ ዕላማ'ቲ መደብ፡ ተመሃሮ ክንዮ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም፡ ተውህቦኦምን ዝንባለኦምን ንኸለልዩ፡ ከምኡ'ውን ሃገራውን ባህላውን ክብርታት ንኽወርሱ ከምዝኾነ ኣረዲኡ። ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ብደረጃ ቤት-ትምህርትን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ካብ 9 ክሳብ 13 ሚያዝያ፡ ትምህርታዊ፡ ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ኣብ መንጎ 20 ኣብያተ-ትምህርቲ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተወደበ ቅነ፡ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ልዕሊ 900 ተመሃሮ ተሳቲፎም።

ሓላፊ ስፖርት፡ ባህልን ጥዕናን መምህር መሓመድ ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ መደብ፡ ተመሃሮ ብኣካልን ኣእምሮን ደልዲሎም ብቑዓት ንክኾኑ ዝዓለመ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ስለዘይኮነ፡ ምምሕዳራት ከባቢን መሻርኽትን ተሳቲፎኦም ከዕዝዙ ተማሕጺኑ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ፋጥና ዑስማን ብግደኣ፡ ተመሃሮ ዘርኣይዎ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ድስፕሊንን፡ ንኣገዳስነት'ቲ መደብ ከምዘጉልሖ ሓቢራ። ኣብ መወዳእታ፡ ንዕዉታት ሽልማት ተዓዲሉ።

## ጾሮና - ኣብ ሕዛእቲ ዘጋጠመ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጾሮና - ምምሕዳር ከባቢ ሓውሲ ከተማ ጾሮና ኣብ ኣስታት 25 ሄክታር ሕዛእቲ ብዕራይ ዘጋጠመ ባርዕ መሮር፡ ኣብ ሳዕርን ሃብቲ ገረብን ጉድኣት ኣውሪዱ።

እቲ ብ11 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝኣተወ፡ ካብ መደበር ፖሊስ'ቲ ን/ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ጠንቂ'ቲ ባርዕ ንምንጻር መርመራታት ይካየድ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኣባል መርመራ ገበን ኣቶ ለገሰ ተስፋሂወት፡ ህዝቢ ብሓፈሻ ጓሶት ድማ ብፍላይ ኣብ ኣጠቓቕማ ሓዊ ጥንቃቐ ክዘውትሩ ኣዘኻኺሩ።

## ሽዕብ - ኣብ ውጽኢት 'መጽናዕቲ ውጥን ምዕባለ ትምህርቲ' ተዘቲዩ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ውጽኢት መጽናዕቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ዝተሰላሰለ ውጥን ምዕባለን ስልጠናታትን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝዘተየ ርክብ፡ ብ15 ሚያዝያ ኣብ ሽዕብ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ሱፐርቫይዘራት፡ ርእሰ-መምህራን፡ ሓለፍቲ ስነ-ምምህርና፡ መምህራንን ኮሚተ ትምህርትን ዝተሳተፉሉ ኣኼባ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መምህር ግርማይ ዘርኣያቆብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ልዕሊ 71 ሚእታዊት ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ውጥን ምዕባለ ከምዝዳለዎን ብዙሓት ካብኣተን ኣተባባዒ ውጽኢት ከምዘመዝገባን ብምብራህ፡ እቶም ቀንዲ ብድሆታት ተለልዮም መፍትሒ ሓሳባት ከምዝቐረበሎም ሓቢሩ።

መምህር ግርማይ ኣስዒቡ፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ካብ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብውሽጣዊ ዓቕመን ስልጠናታት ከምዘካየዳ ብምጥቃስ፡ እተን ዝበዝሓ ቡብእዋኑ ብዘደለብኦ ተመኩሮታት ነፍሰን ክኢለን ይኑጥፋ ከምዘለዋ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሽዕብ መምህር ጅምዕ ሳልሕ ብወገኑ፡ እቲ መጽናዕታዊ ውጥን፡ ኣፍልጦን ብቕዓትን መምህራን ብምዕባይ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብጽፈት ንምስልሳል ሓጋዚ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ተዳልዩ ዘሎ ሓድሽ ውጥን ስራሕ ብግቡእ ክትግበር፣ ተመሳሳሊ መጽናዕቲታት ብቐጻልነት ክካየድ፣ ተለልዮም ዘለዉ ብድሆታት ድማ ብኣጋ ፍታሕ ክናደየሎም ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ-ዑስማን፡ ብመጽናዕቲ ተለልዩ ዘሎ ጋግ ንምእላይ፡ ተሳትፎ ናይ ኩሎም መሻርኽቲ ክዓዝዝ ብምልባው፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ንኣብነታውያን መምህራን፡ ወለድን ኣብያተ-ትምህርትን ንምትብባዕ መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ, ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## መደብ ቴለቪዥን

**ሰንበት18/04/2026**

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዝይይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:10 | ሄራር |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

**(ሰኑይ) ዕለት20/04/2026**

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ መኣዝን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ፍኖተ ህይወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዛነዪ

ማርታ'ክብሮም

## ፍልልይ ኣብ መንጎ ሂስፓኒክን ላቲንን



ሂስፓኒክን ላቲንን፡ ዓሌታውነት ወይ ሕብሪ ቆርበት ንምፍላይ ጸለም/ጻዕዳ ኢልና ንምግላጽ ንጥቀመሉ ክመስለና ይኽእል'ዩ። እዞም ክልተ ቃላት ግና ካብ ብሄርን ዓሌታውነትን ዝተፈልዩ ኮይኖም፡ ብዙሓት ሰባት'ውን ኣብ መንጎ እዞም ቃላት ፍልልይ ከምዘሎ ዘይክመስለም ይኽእል እዩ። እንተኾነ ፍልልይ ግን ኣለዎም፣ ገለ ካብቲ ፍልልይ ንምርኣይ ዝኣክል፦

ሂስፓኒክ፦ ቋንቋ ስጳኛ ንዝዛረቡ ወይ ተዛረብቲ ናይቲ ቋንቋ ንዘኾና ሃገራት ዘውክል'ዩ። 'ሂስፓኒክ' ዝብል ቃል፡ መጀመርታ ኣብ መበል 16 ክ/ዘመን እዩ ስጳኛውያን ግዝኣት ስጳኛ ዘኾና ሃገራትን ክጥቀምሉ ጀሚሮም። ግና፡ ሓደ ቋንቋ ሂስፓኒክ ዝዛረብ ሰብ፡ ብዓሌት ወይ ማዕቀል ክፈላለ ይኽእል። ንኣብነት፡ ሓደ ካብ ዶሚኒካን ሪፓብሊክ ካልእ ከኣ ካብ መክሲኮ ክልቲኦም ተዛረብቲ ሓደ ዓይነት ቋንቋ ብምዃኖምን ብስጳኛ ዝተገዝኡ ብምዃኖምን ንኡብኦም፡ 'ሂስፓኒክ' ኢሎም ክጽውዖዎ ይኽእሉ። ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም ኣስታት 460 ሚልዮን ህዝቢ ሂስፓኒክ ከምዝለዉ'ዩ ዝግለጽ። እዞም ህዝቢ ዝቐመጥሉ ቀንዲ ቦታ ድማ፡ ደቡባዊ ምዕራብ ኣመሪካ፡ ቴክሳስ፡ ካሊፎርንያን መክሲኮን እዩ።

ላቲኖ፦ ንጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካን ካሪብያንን ንምግላጽ እንጥቀመሉ ቃል እዩ። ላቲኖ፡ ብዘዕባ ዓሌት ማለት ሕብሪ ቆርበትካ ኣይዛረብን እዩ። ስለዚ፡ ላቲኖ ንእንትበሎ ሰብ፡ ጻዕዳ ድዩ ጸለም፡ ሕብሪ ቆርበቱ ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ጸለምቲ ላቲኖ ዝኾኑ ሰባት፡ ንኡብኦም፡ 'ኣፍሮ ላቲኖ' ኢሎም እዮም ዝጽውዑዋ።

ህዝበታት ሂስፓኒክን ላቲኖን ብጂኦግራፊ ይፈላለዩ እዮም። ኣብ ከተማታትን ገማግም ባሕርን ዝነብሩ ነበርቲ ናይዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት፡ ንኡብኦም ላቲኖ ኢሎም ዝጽውዕዋ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ቴክሳስን መክሲኮን ግና፡ ብዙሕ ግዜ ሂስፓኒክ ዝብል ቃል ክጥቀሙ'ዮም ዝመርጹ። ሂስፓኒክ ሙብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ፍሎሪዳ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም ዝጥቀሙሉ።

## ኣነቓቓሒቲ ዛንታታት



1. ሓደ ንግሆ፡ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ብገምገም ባሕሪ እናሓለፈ ከሎ፡ ኣብ'ቲ ገምገም ሓደ ቈልዓ ኮፍ ኢሉ ኣብ ጸዕቕ ስራሕ ተጸሚዱ ከምዘሎ ኣስተብሃለ። ካብቲ ሑጻ ሓደ ነገር ኣልዒሉ ናብቲ ባሕሪ ይድርብዮ ከምዘሎ ኣስተውዓለ፡ ናብ ባሕሪ እንታይ ይድርቢ ከምዘሎ ንኽፈልጥ ድማ ናብኡ ቀስ ኢሉ ቀረበ። ኑዩም ብማዕበል ተገፊዖም ኣብቲ ገምገም ዝበጽሑ ኮኾባዊ ዝተባህሉ ዓይነት ዓሳ ናብቲ ባሕሪ ክድርብዮም ከሎ ተዓዘበ። ነገራት ናይቲ ቈልዓ ዘገረሞ ኣቦ ናብኡ ብምቕራብ እንታይ ይገብር ከምዘሎ ሓተቶ፤ እቲ ቈልዓ ቡቲ ግርህና ዝመልኦ ኣዘራርባኡ፤ "እዞም ዓሳታት ጸሓይ ክሳብ ትበርቕ ኣብዚ እንተጸኒሖም ክሞቱ እዮም። ስለዚ ምእንታን ከይሞቱ ናብ ባሕሪ እደርብዮም ኣለኹ፤" ኢሉ መለሰሉ።

እቲ ኣቦ፤ "እዚ ትገብሮ ዘለኻ ግና ትርጉም ኣልቦ እዩ ምኽንያቱ ንውሓት ናይዚ ገምገም ባሕሪ ኣማኢት ኪሎ ሜትር እዩ ኣብዚ ገምገም ዘለዉ ዓሳታት ድማ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ እዮም። ስለዚ ኣዞም ዘይጠቕሙ ዓሳታት ናብ ባሕሪ እንተመለስካዮም፡ ካልኦት ብዙሓት ግና ይሞቱ ኣለዉ። እዚ ትገብሮ ዘለኻ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣይኮነን።"

እቲ ቈልዓ ንዘረባ ናይቲ ኣቦ ግዲ ከይሃበ ሓደ ካልእ ዓሳ ኣልዒሉ ናብቲ ባሕሪ ብምድርባይ፤ "ነዚ ግና የገድሶ እዩ" ኢሉ መለሰሉ።

ወላ ኣብቲ ዓቢ ጸልማት እኑብርሃ ንእሹቶ ሽምዓ ንዓና ብርሃን ክትህበና ትኽእል ኢያ። እቲ ምንታይ ወላ እቲ ንእሹቶይ እንብሎ ነገር ዝቐጽርን ለውጢ ዝሀብ ነገርን ስለዝኾነ።

2. ሓንቲ በለስ ምስ ደቃ ሕገስ ናብራ ዝመልአ ነበረት፡ ካልእ በለስ ህብቡቲ ገጥሚት፡ ካልእ ህብቡቲ ፕሮፌሰር፡ ካልእ ኢጊ ዝተባህለት በለስ ድማ ንፍዕቲን ኣደናቒትን ሃያሲት፡ ካልእ በለስ ኣብ ዓብይቲ ውድድራት እትዕወት፡ እታ ካልእ ድማ ኣዚያ ፈቓር ነበረት።

ኣነ ድማ ናብ ኩለን እዘን በለስ ይዕዘብ ነበርኩ፡ ሻዕሪይቲ ከም ዝመርጽ ጠፊኡኒ ኣብ ወጥሪ ኣተኹ። ክመርጽ ደለኹ። እንተ ኾነ ኩለን ብሉጻት ኢለ ስለዝሓሰብኩወን ንገለ እንተመረጽ እተን ካልኦት ከይከስረን ፈሪሐኩ። ብሸኸኢ'ዚ ድማ ክውስን ኣይከኣልኩን። ኣብ መወዳእታ እተን በለስ ክየጥራን ተበላሽየን ሕብረን ናብ ጸለም ክቕየር ጀመረ። በብሓንቲ ድማ ካብቲ ዝበቖላ ክፋል ኣካላተን ተመንቂሰን ኣብ እግረ ክወድቃ ጀመራ።

ካብዚ ዛንታ እንመሃሮ ነገር እንተሃልዩ፡ እቲ ክንውስኖ ዘለና ኣብ ሰዓቱን ግዜኡን ምውሳን እዩ። ካብ ክልተ እወታውያን ዝኾኑ ነገራት ክትመርጽ ከለኻ ግዜ ከይወሰድካ ክትመርጽ ኣለካ።

3. ሓደ መዓልቲ ሓደ ሓያል ንፋስ ናይ ዘለዎ እናነፈሰ፡ "ኣቲ ድኽምቲ ጨርቂ ስለምንታይ ኢኺ እዚ ኩሉ እናነፈስኩ ዘይትቕደዲ ስለምንታይኪ ዘይትወድቂ ኣነ እኮ ዓብይቲ ኣግራብ ከይተረፈ ክብርስ ዝኽእል ሓይሊ ኣለኒ" በላ ብትዕቢት። እታ ጣንዴራ ከኣ ፍሽኽ ብምባል፤ "ንሰኻ ሓያል ምዃንካ እፈልጥ እየ። ግን ሓደ ዘይተረደኣካ ነገር ኣሎ። ንሰኻ ክትነፍስ ከለኻ ኣነ ኣንጸርካ ኣይቃለስን እየ። ንፋስካ ክመጽእ ከሎ ምሳኻ እወዛወዝ፡ ንጸማን ክትደፍኣኒ ከለኻ ናብ የማን ንጸጋም ክትደፍኣኒ ከለኻ ከኣ ናብ ጸጋም እጥወ። ኣነ ኣይቃወመካን እየ ግን ከኣ ካብታ ዝተተኸልኩላ ቦታ ኣይነቓነቕን እየ። እቲ ንፋስ ብዘለዓለ ሓይሊ ነፈሰ፡ እታ ጣንዴራ ግን እናተዓጽፈትን እናተወዛወዘትን ኣብ ቦታኣ ጸንዐት። ኣብ መወዳእታ እቲ ንፋስ ለሽ በለ'ሞ ሓዲጊዋ ሓለፈ።

ብዙሕ ጸገማትን ፈተናን ናብ ህይወትና ይፍስ እዩ። ኣንጻር እቲ ሽግር ክንዋጋእ ወይ ክንበኣስ እንተ ፈቲንና ክንሰብር ንኽእል ኢና። እንታይ ደኣ ከም ጣንዴራ ተዓጺጽፍቲ ብምዃን ነቲ ጸገም ናብ ረቡሖና ብምቕያር ካብቲ ዝሓዝናዮ ዕላማን መስመርን ከይወጻእና ክንጸንዕ ምኽኣል እዩ። ጽንዓት ማለት ምትራር ጥራይ ዘይኮነስ ፈተናታት እናኣሕለፍካ ኣብ ዕላማካ ምርጋጽ ማለት እዩ።

## ቁርጺ ኣጻብዕትና ዮስ ባህርያትና . . .

ኣብ መዓልታዊ ህይወትና፡ ብኣጻብዕትናን ኣእዳውናን ንምስራሕ፣ ንምጽሓፍ፡ ንምኽሻንን ካልእ ንጥፈታትን ንጥቀም። ግና ካብኡ ዝሓለፈ፡ ቁመት ኣጻብዕትና ምስ ባህርያትና ምትእስሳር ከምዘለዎ ትፈልጡ ዶ፧ ንገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦



1. ቀለቤቶ ኣጻብዕትና፡ ካብ መመልከቲቶ ኣጻብዕትና ትነውሕ እንተደኣ ኮይና፡ ወሃንቲ ምሉእ ርእሰ ምትእምማን፡ ተባዕትን ምሉእ ጽዓትን ዘለና ኢና። ከምዚ ዓይነት ባህርያት ዘለና ሰባት፡ ንዘኾነ ፍጻመታት ሓላፍነት ናይ ምውሳድ ትብዓት ዘለና ኢና። ብዘይካ'ዚ፡ ባህርያት ናይ 'መራሒ'ን ንቑሕ ኣእምሮን ዘለና፡ ሓደኛ ወይ ኣሰጋኢ ስጉምቲ ንኽንወስድ ድሕር ዘይንብል ምዃንና ድማ'ዩ ዝግለጽ። ሕልምና ተግባራዊ ክሳብ ዝኸውን ድማ ኣበርቲዕና እንሰርሕን እንቃለስን'ውን ኢና።

2. መመልከቲቶ ኣጻብዕትና ካብ ቀለቤቶ ኣጻብዕትና ትነውሕ ምስ እትኸውን ንፉዓት ሓሳቡቲ፡ መስተውዓልትን ዓቃላትን ኢና። ናብ ተግባር ቅድሚ ምብጋስና ኣዕሚቕና እንሓስብ፡ ውሳኔ ናብ ምውሳድ ዘይንህወኽን ኢና። ብዘይካ'ዚ፡ ሰምዒት ሰባት ኣብ ምንባብ ንፉዓት ኢና። መቕርብና ርህሩሃት፡ እሙናትን፡ ኣብ ሰብ እተመርኮሰና ምዃንና ክንግለጽ ንኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ ወሃንቲ ነዊሕ መመልከቲቶ ኣጻብዕቲ ድማ ንፉዓት መምህራን፡ ኣማኸርቲን ምስ ሰባት ጽቡቕ ዝምድና ክፍጥሪ ዘይንሽገርን ምዃንና ይግለጽ።

3. መመልከቲቶን ቀለቤቶን ኣጻብዕትና ማዕረ ቁመት ዘለወን ምስ ዝኾና፡ ናብ ውሳኔ ዘይንቀዳደም ኣብ ነገራት ዘለና ኣረኣእያ ሚዛናውን ህዱእን ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ። ፈለጥትና ብዘዕባና ምናልባት ክዛረብዎ ወይ ክብልዎ ዝኽእሉ እንተሃልዩ ሰላማውያን ሰባት ምዃንና'ዩ። ኣብ ዝኸድናዮ ቦታ ሰላም ከምጽእ ወይ ከስፍን እንኽእል ዓይነት ሰባት ምዃንና ድማ'ዩ ዝእመተልና።

4. ሓጻርትን ረገድትን ኣጻብዕቲ እትውንን እንተኾንካ ሓያል ድሌት ዘለካን ዝዩዳ ተግባራውን ምዃንካ እዩ ዝግለጽ።

5. ብቐሊሉ ዝተዓጻጸፉ ኣጻብዕቲ ዘለና፡ ንለውጢ ቀልጢፍና እንቕበልን ፈጠራዊ ኣእምሮ ዘለናን ኢና።

## ሕጉስ ንኽትከውን . . .

1. ኑብሾኻ ኣፍቅር፡ ምኽንያቱ ኣደናቒን ፍሉይን ስለዝኾንካ።
2. ምስ ኑብሾኻ ኣዕልል፡ ኣብ መዓልቲ ብውሕዱ ን10 ደቒቕ ንምልዛብ ምስ ኑብሾኻ ግዜ ወሲድ።
3. ብዘየገድስ ተመገብ፡ ቁርሲ፡ ምሳሕ፡ ድራር ኣብቲ ግቡእ ግዜኡ ወሰዶ።
4. ሕገስ ክትከውን ፈትን፡ ብዝተኻእለ መጠን ፍሽኽ በል።
5. ንህይወት ብኹሉ መዳያ ኣስተማቕራ፡ ኑቲ ዘጋጥመካ ሽግር'ውን ኣስተማቕሮ። ምኽንያቱ ኩሉ ኣብ ህይወት ዘጋጥመካ ብድህሪኡ ንዓዕሊ ስለዘደይብካ።
6. ምንጩ ሓጎስካ ንስኻ ኢኻ ስለዚ፡ ሓጎስካ ካብ ካልእ ሰብ ኣይትድለዮ።
7. ብዘዕባ ዝሓለፈ ሕማቕ ህይወትካ ኣይትዘክር፡ ጽቡቕ ስምዒት ስለዘይህበካ።
8. ንኡብሾኻ ምስ ካልኦት ሰባት ኣይተወዳድር።
9. ክቡር ግዜኻ ኣብ ዘይጠቅም ዕላላትን በለካ ለኸፋካ ሕሜታትን ኣይተባኽን።
10. ምስ ኩሉ ሰብ ብፍቕሪ ንብርን ንጽጉማት ሰባት ብዓቕምኻ ሓግዞም። እዚ ሰናይ ግብሪ'ዚ፡ ናይ ኣእምሮ ዕረፍቲ ክትረኽብን ሕጉስ ክትከውንን ክሕግዘካ'ዩ።

## ምስላ ቀዳሞት

- ማይ ንዘጸምኣ ምኽሪ ንዘሰምዐ።
- ዓሻ ምኢድኻዮ ናብ ልማዱ፡ ኣድጊ ሓጺብካዮ ናብ ሓመዱ።
- ሰቕ ዝበለ ካብ መዓት ገለለ።
- ሕማቕ ሽማግለ መዳግሚ ባእሲ።
- ነገርካ ዳኛ ኣይመጉቶ፡ ጸብሒኻ ጨው ኣይዝመውዮ።
- ሓቒን ጊሓትን እናሓደረ ደብርሁ።
- ዘይመንገዱ ዝኸደ ዘይዕዳኡ ይዕደ።
- ንኸታሪ የብሉን ፈጣሪ።
- ካብ ወደይ፡ ከብደይ በለት ሰበይቲ።
- ዓሻ ምስ ዝጸልእ ከመዓልካ ይኸልእ።
- ንኽገሹ ጋሻ ይጸልኡ፤ ንኽሞቱ ሬሳ ይጸልኡ።
- ናይ ዕዳጋ ዕግርግር፡ ንሓድሕድካ የፋግር።
- ካብ ኣፍ ዝወጸ ካብ ልቢ ዝተሃንጸ።



ኣከባቢ







# ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ.

በረኸት ሞሳዝጊ
ክፍሊ. ሃብቲ ማይ - ሚ/መ/ማ/ኣ

ማይ ከም ኣገዳሲ. ባእታ ንዚወታውያን ፍጥረታት ብሓደ ወገን፡ ከም ቁጠባዊ ኣቕሓ በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ሕብረተሰብ ዝጻወቶ ተራ ዓቢ. እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ምቕርሐኡን ኣጠቓቕምኡን ግቡእ ምሕደራ እንተዘይተገይሩሉ ግን ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ህዝብን ኣከባብን ከቢድ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከህልዎ ይኽእል። ማይ ንዝተፈላለዩ መዓላታት ማለት ዘቤታዊ፡ ሕርሻዊ፡ ኢንዱስትሪያውን ካልኦት ጥቕምታትን ክውዕል እንከሎ፡ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ብቕዓት/ትሕዝቶ ዘለዎ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ይፍጠር። ብዘይዝኾነ ፍቓድ ወይ ዝተወሰነ ደረጃ ብቕዓት ከይሓዘ ዝኾነ ረሳሕ ፈሳሲ. ኩሉ ግዜ ብቐጥታ ናብ ኣከባቢ. ክንሓፉ ስለዘይከኣል፡ ምሕደራ ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. ኣገዳሲ. ኮይኑ ንረኽቦ፡፡ ሓደ ካብቲ ኣካል ምሕደራ ወይ መሳርሒ. ምሕደራ ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. ድማ ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. እዩ።

ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ. ኑቲ ካብ ዝተፈላለዩ ተጠቀምቲ ማይ ዝወጽእ ረሳሕ ፈሳሲ. ወይ ማይ ዘድሊ. ብቕዓት ወይ ደረጃ ኣማሊኡ ናብ መስመር ረሳሕ ፈሳሲ. ንክጽንበር፡ ዝተወሰነ ደረጃ ፍወሳ ተገይሩሉ ኣብ ውሱን ሕርሻዊ መዓላ፡ ኣብ ምህብታም ትሕተ ባይታዊ ማይ፡ ኣብ ምፍዋስ ኢኮሎጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዓዘቕቲ፡ ጃቕጃቕን ካልኦት ማያዊ ኣካላትን ወይ ብሓፈሻ ናብ ውሑስ ኣከባቢ. ንክእለ፡ ዝፈቅድ ወይ ክማላእ ዝግብኦ ሕጋዊ መስርሕ እዩ።

ከም'ቲ ኣብ ሕጊ ማይ ብሓፈሻ፡ ዓንቀጻት መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ከኣ ብፍላይ ብንጹር ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ዝኾነ ውልቀ ሰብ፡ ኮም ወይ ትካል ሕግን ፖሊስን ማይ ዝጠልቦም ግቡኣት ብምምላእ ፍቓድ ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ክወሃቦ ይኽእል እዩ ዝብል። ነዚ ፍቓድ ንምርካብ ግን እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ክማልእ ኣለዎ፡-

1. ቅጥዒ መሕተቲ ፍቓድ ክመልእ ኣለዎ፡

2. ብዛዕባ ምንጪ. ማይን መሳለጥያታት ቀረብ ማይን፡ ጠለብ ማይ፡ መዓላ ማይ፡ ዓይነት ናይቲ ማይ ዝጠልብ ወይ ምስ ማይ ዝተኣሳሰር ንጥፈታት፡ ዓይነትን ብቕዓትን ዝጥቀምሉ ተክኖሎጂ፡ ደረጃ፡ ብቕዓትን መጠንን ዝወጽእ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ከምኡ'ውን ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ንምእላይ፡ ንምውጋንን ንምንካይን ዝኽተልዎ ወይ ዝተኣታትውዎ ሜላ ወይ መንገድታት፡ ዝምልከት ዝርዝራዊ ሰነድ ከቕርብ ኣለዎ፡ ከምኡ'ውን፣

3. ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደብ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ንምእላይ፡ ንምውጋንን ንምንካይን ዝኽተልዎ ወይ ዝተኣታትውዎ ሜላ ወይ መንገድታት ዝምልከት መጽናዕታዊ ሰነድ ኣዳልዩ ከቕርብ ኣለዎ፣

ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ከም ካልኦት ንማይ ዝምልከቱ ፍቓዳት ውሱን ደረት ግዜ ዘለዎ ኮይኑ፡ ፍቓድ ደረት ግዚኡ እንተኣኺሉ ውዱቕ ይኸውን። ስለ'ዚ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ንክውዕል ክሕደስ ኣለዎ። ዕምሪ ፍቓድ ክንድ'ቲ ኣብ ሰነድ ፍቓድ ዝተገልጸ እዋን ወይ ግዜ ጥራይ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ሰነድ ፍቓድ ዝተዘርዘሩ ግዴታታት ወይ ግቡኣት ብበዓል ፍቓድ ክሳብ ዝተማልኡ ተግባራዊ ይኸውን። ፍቓድ ካብ ዝተዋህበሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ. ዝተወሰነ ግዜ ግብራዊ እንተዘይኮይኑ ዝተዋህበ ፍቓድ መሰል ረሳሕ ፈሳሲ. ደስረዝ ሕጋውነት እውን የብሉን።

ትካላት ወይ ቦታታት ዝወጽእ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ብዘይቕጥዒ፡ ብፍኑውን ኣገባብን ብዘይ ኣፈላላይ (ዓይነት/ትሕዝቶ ብቕዓት ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. ብዘየገድስ) ናብ መስመር ረሳሕ ፈሳሲ፡ ክፉት ኣከባብን ብዘይገደብ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓላ ክውዕልን ወይ ክንሓፍን ጸኒሖን ኣሎ'ን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ጺጋታት ማይ ማለት ኣብ ትሕዝቶን ብቕዓት ጽፍሓውን ትሕተ ባይታዊ ማይን ዓቢ. ኢኮሎጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ማያዊ ኣካላትን ከቢድ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክወርድ ጸኒሑን ኣሎ'ን። ግብራውነት ፍቓድ ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. ኣብ ምፍዋስ ናይዚ ሽግር ዘፈጥሮ ድርኺት መሰረታዊ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ ኣብ ዓበይቲ ትካላት ዕደና ዝካየደለን ዘሎ ዝንሓፍ ፈሳሲ. መባእታዊ ፍወሳ ተኻዩዱሉ ኣብ መስርሕ ኣገባብ ግዜ ከይመልኡ ተባሂሉ ብኡና እምኒ ይስርሑ ነይሮምን ኣለዉን። ኣብዚ ከም ኣብነት እንተርኢናዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ ካብ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሮም ትሑት ብቕዓት ዘለዎም ብኣና ዝተሃንጹ ጎዳጉዲ ዓይኒ ምድሪ፡ ኑቲ ፈሳሲ. ናብ ታሕቲ ስለ ዘዝሩቕዎ፣ ንጥዕና ሰብትን ከባብን ሓደገኛ ትሕዝቶ ዘለዎ ማይ ረሳሕ ፈሳሲ. ናብ ትሕተ ባይታዊ ማይ ብምዝራቕ ልዑል ናይ ናይትሬት፡ ጨዋምነትን ሕፍሰትን ካልኦት ዓይነት ብከላ ከም ዘስዓበ መጽናዕትታት ክፍሊ. ሃብቲ ማይ ሚ/መ/ማ/ኣከባቢ ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ ዘይውሑስ መኽዘን ረሳሕ ፈሳሲ. ዓይኒ ምድሪ ከም ቀንዲ ጠንቂ እኳ እንተተገልጸ፡ ተወሰኽቲ ጠንቂ ብከላ ትሕተ ባይታኣዊ ማይ ክኾኑ ዝኽኣሉ ንጥፈታት እውን ኣለዉ።



ኣብ ዝኾነ እዋን ኣድላዪ ኾይኑ እንተተረኺቡ እውን ፍቓድ፡ ዋላ እውን ደረት ግዜኡ ከይኣኸለን ክድስክልን ክእገድን ይኽእል እዩ። ብዓል ፍቓድ ኣብ ኣተሓሕዛን ምእላይን ረሳሕ ፈሳሲ. ዘድለ ለውጢ. ክግበር ዘገድድ ኩነታት ምስዝፍጠር፡ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወሰድን ኣብ ትሕዝቶን ኩነታትን ፍቓድ ንዝግበር ለውጢ. ምእዙዝ ክኸውንን ይግደድ። ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደራ ረሳሕ ማይ/ፈሳሲ. ዘገልግል ዝሓሸን ዝበለጸን ኣገባባትን ተክኖሎጂን ከተኣታቱ፡ ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ. ዘገድዶ ግቡኣት እዩም። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ግን ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ብሕጋዊ ምልክታ ንህዝብን ንብዓል ፍቓድን ክፍልጥ ግዴታ ኣለዎ።

ክሳብ ሕጂ ፍቓድ ምጉሓፍ ረሳሕ ማይ ወይ ፈሳሲ. ብኽምቲ ዘድለ ኣገባብ ክስራሓሉ ኣይጸነሐን። ከም ዝፍለጥ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና፡ ካብ ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ዝካየደሎም ዳግመ ምጥቃም ብምትእትታው ጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ. ኣብ ምጉዳል ዓቢ. ኣበርክቶ ይገብራ ኣለዋ። ኑቲ ናይ መወዳእታ ጉሓፍ ፈሳሲ. ድማ ኣብ ውሑስ ዝኾነ መጉሓፊ ኣዋዲደን ይጉሕፍኦ ምህላወን ከም ጽቡቕ ተመኩሮ ዝግለጽ ግን ከኣ ቀጻሊ. ምምሕያሽ ዘድልዮ ስራሕ እዩ።

### ጉድጓድ ዘምጽኦ ጉድ! መኽዘን ረሳሕ ፈሳሲ.

ኣብ'ዚ ምስ ፍቓድ ምጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ. ዝኸይድ መኽዘን ረሳሕ ፈሳሲ. እውን ኣሎ። እዚ ረሳሕ ፈሳሲ. ይኹን ሓውሲ. ድሩቕ ፈሳሲ. እነጠራቕመሉ መኽዘን ወይ ጉድጓድ (septic tank) ኑቲ ዝተዋደደሉ መዓላ ብቑዕ ኮይኑ፣ ጎድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ ክኸውን ይግባእ። እዚ ማለት እቲ እንጉሕፈሉ ጉድጓድ ይኹን መጠራቐሚ፣ ዝኾነ ፈሳሲ. ዘየዝሩቕን ኣብ ብኸላ ንትሕተ-ባይታዊ ማይን ሓመድን ከም ዘከላኸልን ኮይኑ ክስራሕ ኣለዎ። ኣብ ሃገርና ብልምዲ ዝስርሑ ዘለዉ ናይ ሽቓቕ ጎዳጉዲ፣ ኣብ ሓጺር ገለ ንምጥቃስ ኣብ ደገ ሸንቲ ማይን ቀልቀልን ምውጻእ፡ ኣብ ሕርሻ ንጥቀመሎም መድሃኒት ጸረ-ጻህያይን ባልዕን፡ ዘይምሕዱር ሱብ ሰርሖን ተፈጥራዊ ድኹዒ፣ ካብ ትካላት ዝወጽእ ጉሓፍን ወዘተ ኣብ ግዜ ዝናብ ብማይ ተሓጺቡ ኣብ ጎዳጉዲ ብምዝራቕ ጠንቂ ብከላ ይኾኑ ከም ዘለዉ. እቲ መጽናዕቲ ይሕብር።

ኣብ'ዚ ክትኮረሉ ዘለዎ ዛዕባ ግን፡ ዝኾነ እንሰርሖ ጉድጓድ ዓይኒ ምድሪ ብፍቓድ ዝምልከቶ ኣካልን ዘድሊ. መምርሒ. ኣማሊኡን እቲ ስራሕ ብሞያውያን ክምራሕ ይግባእ።

እዚ ብፍላይ፣ ኣብቶም ብቀጥታ ኣገልግሎት ዝሰተ ማይ ካብ ቀጽሪ ወይ ከባቢኦም ዘሎ ትሕተ ባይታኣዊ ማይ ዝጥቀሙ ዜጋታት ሳዕቤኑ ቀልጢፉ ስለዝረኣ፣ ኩሎም ተጠቀምቲ ወይ ወነንቲ ዒላታት፣ ማዮም ቅድሚ ኣብ ኣገልግሎት ምውዓሉ ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ላባራቶሪ ብቕዓት ማይ ክፍሊ. ሃብቲ ማይ ከመርምሩን፣ እቲ ማይ ኣብ ምንታይ መዓላ ከምዘውዕልዎ ሞያዊ ምኽሪ ክወሰዱን ይግባእ።

መጽናዕቲ ክፍሊ. ሃብቲ ማይ ሚ/መ/ማ/ኣከባብን ከምዘሕብሮ እተን ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ኣብ ቀጽረን ዒላታት ዘለወን ስድራቤታት ይኹና ትካላት፡ ካብተን ቀንዲ ግዳይ ብከላ ዘይውሑስ ጎዳጉዲ ዓይኒ ምድሪ ምኳነን ዝተኻየደ መጽናዕቲ ኣነጺሩዎ ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ኣብ ዘይብቑዕ ጉድጓድ ዝተኸዘነ ረሳሕ ፈሳሲ. ኣብቲ ኣገዳሲ. ዝኾነ ባህርያዊ ጺጋ ማይ ዘስዕቦ ብከላ ኑቲ ብኸቢድ ወጻኢታት ዝሃነጽናዮ ዒላን መሳለጥያኡን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ. ይገብር። ኑቲ ብቐረባን ብዘቐለለን እንረኽቦ ዘለናዮ ጺጋ ማይ የስእነናን ኣብ ጥዕናን፡ ጥዕና ኣከባቢን ሳዕቤኑ ይኸብድ። ኣብ ዘይብቑዕ ዝተኸዘነ ረሳሕ ፈሳሲ. ኣብ ጉድጓድ ምህላዉ. ጥራይ ከም ውሑስ ክንወስዶ ዘይኮነ ኣብ ጉድጓድ ኮይኑ ዝሰርሖ ጉድ እውን ከምዘሎ ክንፈልጥ ኣለና።

ኣብዚ ግዜ እዚ ኣብ ሃገርና እቲ ቀንዲ ምንጪ. ዝሰተ ማይ ትሕተ ባይታኣዊ ማይ ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ነዚ ዘለና ቀንዲ ምንጪ. ማይ ብሰንኪ. ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ዝስርሑ ዘለዉ. ዘይብቑዓት ጎዳጉዲ ፈጢሮሞ ዘለዉን ክፈጥርዎ ዝኽእሉ ሰግኣትን ንምውጋድ ብዕቱብ ክሰረሓሉ የድሊ።

ካብ'ዚ ሳዕቤን ንምድሓን ጉድጓድ መኽዘኒ ረሳሕ ፈሳሲ. ግቡእ ቅየሳ ተኻይድሉ ብውሽጡ ብስሚንቶ ወይ ካልእ ፈሳሲ. ብምልሳን፡ ካብ መኽዘኒ ረሳሕ ፈሳሲ. ናብ ዓይኒ ማይ ከምዘየዝሩቕ ኮይኑ ክስራሕ ወይ እውን እቲ ዝህነጽ ጉድጓድ ምስ ዓይኒ ማይ ምትሕሓዝ ከምዘይብሉ ኣረጋጊጽና ክንሰርሖ ይግባእ። ኣብ ገለ ከባቢታት ዝደረቑ/ዝነቐጹ ዒላታት ናብ ካልእ መዓላ ማለት ከም መኽዘኒ ረሳሕ ፈሳሲ. ወይ ጉድጓድ ዓይኒ ምድሪ ናይ ምጥቃም ግጉያት ልምድታት ይረኣዩ እዮም። እዞም ዝደረቑ ዒላታት ምስ ዓይኒ ማይ ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለ ዘለዎም ንኸባቢኦም ዘሎ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ጥራይ ዘይኮነ ንነዊሕ ተጓዒዞም እውን ኩብክሉ ስለዝኽእሉ ብፍጹም ናብ ከም'ዚ ዓይነት መዓላ ክውዕሉ የብሎምን። ንመኽዘኒ ረሳሕ ፈሳሲ. ክንጥቀመሎም እንተኾንና ግን ማይ ከምዘየዝርቑ ኮይኖም ክንደቑ ወይ ክልሰሱ ኣለዎም።

እቲ ኣቐዲሙ ቀሪቡ ዘሎ ፍቓድ መሰል ምጉሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ. ኑቲ ኣብ ደረጅኡ ዝሓለወ መሳለጥያ መጠራቐሚ ረሳሕ ፈሳሲ. እምበር ኑቲ ናብ ትሕተ ባይታ እናዘረቑ ተኸዊሉ ጉድ ዝሰርሕ ከምዘይኮነ ክንፈልጥን ክንጥንቀቕን ይግባኣና።

ኩሉ ምምሕዳራዊ ኣካል ድማ ኑቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉን ኣብ ምኹዓት ዝርከቡ ጎዳጉዲን ክንቆጻጸሮምን ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ትካላትን ብምምኽኻር ድማ ዝመሓደሩሉ ኣገባብ ክትኣታቶን በዚ ኣጋጣሚ ነተሓሳስብ።

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

2. Position: Payroll Officer
Department: FITS-Finance
Number Required: One (01)
Type of Contract: Definite (6 Months)
Place of Work : Bisha Site

Primary Purpose

- Ensure that all payroll documentation is processed on a timely basis to meet the payroll deadline.

**Main Functions**

1. **Processing of Monthly payroll**

- Ensure that hard copy of timesheets are collected from Human Resources and are authorized prior to processing.
- Accurately capture all Payroll related data necessary to process and meet scheduled deadlines.
- Responsible for computing salary and overtime payments, calculating and recording payroll deductions, maintaining related records and tax reports.
- Updates all employee status changes, including terminations and calculating paid leave.
- Ensure that all input documents received are signed-off prior to entering this on the Payroll system.
- Ensure that cut-off dates for Payroll input are clearly defined and that no inputs are done after the closing date.
- All inputs and changes made must be signed off by the Payroll Supervisor prior to finalization of the Payroll.
- All changes made must be documented and filed for audit purposes.
- Enter payroll data into the payroll system. Run the payroll and generate relevant reports.
- Ensure that electronic transfer payments to employee bank accounts are made timeously and that all changes on bank accounts are processed.
- Prepare cash salary payments and ensure that staff signs for receipt of salary.
- Prepare employee's pays lip and distribute to departmental manager timeously.
- Prepare income tax payments per legislation and standard procedures.
- Create employee account in Accounting System as required.
- Ensure employee loan accounts / expense claims are processed in the Payroll system.
- Manage the petty cash weekly, ensure all disbursements are done according to procedure and ensure that all payments are authorized correctly for expense claim payments from petty cash.
- Daily collection of GJV documents and ensure proper sign-off prior to filing.

2. **Ensure Correct Deductions from Salary Payments**

- Ensure that deductions are made in line with policies and procedures on statutory deductions.
- Deductions can only be processed with the necessary signed-off documentation.

3. **Advisory**

- Provide an advisory support to employees enquiring about Payroll issues.
- All queries not resolved must be referred to the Payroll Supervisor.
- Researches, resolves, and responds to employee questions and problems while delivering quality customer service.
- Keeps abreast of the payroll processing system and changes in salary and tax laws.

4. **Administration**

- Maintain and ensure that Payroll database is up to date at all times.
- Maintains company personnel payroll files.
- Advising Payroll Supervisor regarding data integrity as well as required updates on policies, procedures and processes.

5. **Reconciliation**

- Ensure that Payroll related reconciliations are done on time for sign-off by Payroll Supervisor

6. **Reporting**

- Preparation of documentation required for reporting for payroll purposes.
- Report weekly petty cash balance & request for reimbursement.

7. **Control of Petty Cash and Sales Cash**

- Manage the petty cash weekly.
- Ensure all disbursements are done according to procedure.
- Collect and record cash received from Bars and Shop.
- Prepare and post GJV for Bar and Shop sales.

8. **Process Expense Claims**

- Collect Expat Expense Claim, check cost and account allocation and post to Accounting System monthly.
- Ensure all payments are signed off correctly for expense claim payments.

**Knowledge, Experience and Skills**

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| Diploma in Accounting or equivalent |
| Accounting Certificate |
| **Knowledge and Experience:** |
| 2 Years Accounting knowledge |
| 1-3 years experience in accounting environment |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Payroll software package) | Attention to detail |
| Numerical Accuracy | Assertiveness |
| Bookkeeping skill | Honesty |
| Recordkeeping | Confidentiality |
| | Proactive |
| | Interpersonal Relations |
| | Communication (English and local language) |
| | Task and deadline oriented |

**General Information and other requirements:**

- **Salary: As per Company salary scale.**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Bisha Mining Share Company,**
  **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment permits Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**

# ዘዕባ ሎሚ

## ግንባር ወጻኢ
### ኣብ ጽንዓትን መኸተን

ተወልደ ብእምነት

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኤርትራውያን ዲያስፖራ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝበርኽዎ ልዑል ሃገራዊ ስምዒትን ውፋይን፡ ኣብ ምዕዋት ሓርነታዊ ሰውራ ዘዘጻወትዎ ግደ፡ ከም ድሕሪ ባሕታ ብሓጺሩ ተጠቒሱ፣ ድሕሪ ናጽነት ዝሕለፍዎ ቃልሲ ድማ ኣብ መድረኻት ተኸፋፊሉ ቀሪቡ ነይሩ። መቐጸልታኡ ይስዕብ፡

(3ይን መወዳእታን ክፋል)

ኩሉ'ቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝቐረበ ዘሕለፎን ኣበርክቶ ግንባር ወጻኢ፡ ምንጩ ፍቕሪ ሃገር ኮይኑ ኤርትራዊ ክብርታት ዘማእከሉ እዩ። እዚ ግንባር ክልተ ወለዶታት ማለት እቲ ቀዳማይ ወለዶን እቲ ዝፈረየ (ደቂ) ካልኣይ ወለዶ መንእሰያትን ዘተኣሳሰሮም እንኮ ገመድ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት - ይሕሰም፡ ይርሃው - ጾር ሃገር ተሰኪምካ፡ በቲ ሓደ ኢድካ ሸግ መኸተ በቲ ሓደ ኢድካ ድማ ሃርካትካት ንምዕባለ እዩ። ኑቶም መንነትን ሃገርን ሃገራውነትን ንኩናኽሙ ንከንኑ ዝጽዕቱ ህውታትያታት ድማ፡ እዚ ተግባር እዚ ሕቖኦም ዝዝዘዘ ሞደሻ ኮይኑ ተሰኪዱ ኣሎ።

እዚ፡ ኣብ ሳዕሊ እተጠቕሰ ገዕዞ "ዓበይቲ ዕማማት"፡ ከምቲ ዝሕለሞ ልሙጽ ኣይነበረን። እቶም ሃገራዊ ምንቅስቓሳትና ዘይብርሆም ኣካላት፡ ዕረ ክጥዕሞም ናይ ግድን እዩ ነይሩ። ከም ወጽኢት እንጸርጽሮቶም ዝዘከሩ እንተገበሩ፡ መደብዮም ኣይተዓወተን። ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ከስተብህሉ ድማ ቅሩብነት ኣይነበሩን። ሃገራዊ ገስጋስ ኤርትራውያን ንምቕዳይ ከኣ፡ ናይ ዳግመ ስርርዕ መደብት ስኢኖም፡ ፍሉይ ዝተራቐቐ ኣተሓሕዛን ወጥናትን ኣውጺኦም ክሕንሕኑ ምጽንሖምን ብዓበኡ ድማ ምፍሻሎምን፡ ካብ ሰነዳትን ዊኪ-ሊክስ ዝለሓኸ፡ ሓደ-ሓደ ን…ኣ… ሽ…ቱ.. ነጥብታት፡ ቁንጣሮ ወሲድካ ጥራይ፡ እኹል መረጋገጺን ጭብጥን ትረኽብ።

ኑቲ ኣብዘን ዳሕረዎት ዓመታት፡ ካብ 2006 ክሳብ'ዚ እንሓልፎ ዘለና እዋን፡ ክገጥመና ዝጸንሐ ብድሆታት፡ መጠገሲኡን መንቀሊኡን ከመይን እንታይን ምንባሩ፡ ከም መርኣያን መወከስን ክኸውን ገለ ካብኡ እንሆ፡

-"መብዝሕትኦም ኤርትራውያን ኣብ እተፈላለዩ ኩርናዓት ሃገራት ዓለም ዝርከቡ፡ ኣብ ልዑል ሞያዊ ስርሓት ዝተዋፈሩ እዮም። ገሊኦም ሓካይምን ነርስን ኮይኖም፡ ገሊኦም ኣብ ቱሪዝም ኢንዱስትሪን ታክሲን ይሰርሑ። ኣብ ውሽጢ ናይ ሰላሳ ዓመታት ሓርነታዊ ኩናት ዝተሰደዱ ኮይኖም፡ ንሃገሮም ፖለቲካ ይልእኩን ንሃገራዊ ጉዳይ ወፊያኦም የዕዝዙን" ዝብል ጽሑፍ ካብ ከተማ ኣስመራ ናብቲ ኣብ ዋሽንግቶን ዘሎ ምምሕዳር ዝተላእከ እዩ።

-ኣሰዒቡ፡ ምንቅስቓስ መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ዝሃንጽ ዘሎ ሓያልን ዘሐብንን ኤርትራዊ መንነት፡ ኣብ መንነ መንእሰይ ወለዶ፡ ኣብዚ ሓጸር ዓመታት በጺሕዎ ዘሎ ግስጋሰን ኣመዘጋቡዎ ዘሎ ዓወታትን፡ ዝሸዶ ዘሎ ናህርን ኣመልኪቱ፡ ኑቶም ካልኦት "ተቓወምቲ" ኢሉ! ዝጣበቖሎም (ብስርዓታት ኢትዮጵያ ዝዋፈሩ) ብስም ኪዳን ዝፍለጡ ናይ መንእሰያት ማሕበራት፡ ኣብ ቅድሚ'ዚ ናይ መንእሰያት ህግደፍ ዳርጋ ከምዘየለውን ዋጋ ከምዘይብሎምን ጠቒሶ፣ መተኣኻኺታ ንምፍጣር፡ መንግስቲ ኣመሪካን ካልኦት ዘይመንግስታውያን ትካላትን (NGOs) ዘለወን ፖለቲካዊ ምወላ (Fund) ዝተሰለዐ ባጀትን ኣብ ምሕያል ናይዚ ዕሱብ ኣካል'ዚ፡ ክቕንዓ ይምሕጸን። ከም ኣማራጺ ድማ፡ ነዚ ዓብላሊ የማናይ ኢድ "መንግስቲ ኤርትራ" ዝኾነ ( ግንባር ወጻኢ)፡ ንኡ ተዋዳደርቲ ኮይኖን ዝወጽኡ ባይታ ምንጻፍ ከምዘድሊ፡ ተብዮሶታት ከውሰዱ ዝሕብር ሓደራ ይርከብ።

-ኑቶም ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ ብጽዑቕ ኣዳናጋሪ ፕሮፓጋንዳን ጎስጓሳትን ወደጦታትን ደገፋቶምን ሰዲያም፡ ሃገር ለቒቖም እተሰዱ መንእሰያት፡ ብሰረት ውጥን "ኣብ ጸግዒ እቶም ክብሪ ሃገር ዘመረሰሉ ዘለዉ ጋንታታት ቢንግዶ ኣዲስ ኣበባ ዘይምጽንባርም፡ ናብ ወጻኢ ምስ ሰገሩ ድማ መስርሕ ዳግመ - ሃገራዊ ምጥያስ ኣጠናቒቖም ምስ ኣረጋገጹ፣ ኣብዘን ደሮ ተመስሪተን ዝጸንሓ ማእከላት ማሕበራትም ኤርትራውያን እዮም ዝጽንበሩ" ይብል። እዚ ድማ ክሳራታት ናይ'ቲ ዘካይድዎ ዘለውን ዝጸንሑን ጻዕርታት ምኻኑ እዩ ብቓልዕ መርድእ ዘመሓላልፍ።




እቲ ናይ ዊኪ-ሊክስ ሓበሬታ - ስርዓት ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ኑቲ ንሱ ዝዓም ብጽሒት ተልእኾ ከሊዩሉ፡ ኑቲ ምንቅስቓስ ዘዋፍሩ ላዕለዎት ካድረታት ናብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ከዋፍር ይምሕጸን። ካብቶም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐሱ ኣካላት ዝፍኖ፡ ብስም "ሩባ ዓንሰባ" ዝፍለጥ መረቡብ ሓበሬታ፡ ኣብ ዓምድታቱ ብመልክዕ ዜና ዘሰፈሮ ናይ 9/19/201 ድማ ከምዚ ይብል፡

ጀነራል ማስፍን ኣማረ (ኣብ ከባቢ ሽረ፡ እንዳስላሰ ንዝተመልመሉ፡ ኣብ ግዳም ኣብ ግብረ-ሽበራዊ ስርሓትን ጭውያ ሰደተኛታት ሰግረ-ዶብን ዘዋፍር ዝነበረ ጀነራል እዩ) ንጉዳይ "ተቓወምቲ ውድባት" ዝመርሕን ዝኣልን ዝነበረ ተኣልዩ፡ ኣብ ክንድኡ ሓደ ዲፕሎማት፡ ምስኡ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለየ መሓውር ስለያ ናይቲ ስርዓት እተዋጽኡ ክኢላታት ዝሓቖፈ ኣካል ከም እተተክአ ዝሕብር'ዩ። እቶም ካብ ካዙና ኣህጉራውያን ዘይመንግስታውያን "ሰብኣውያን" ማሕበራት ዝበዞላ ዝውሃብ ሓገዝ እናቋላመጹ፡ ካብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ሕልኽልኽ ዝብሉ ተጋሩ ኣካል ናይዚ ተልእኾ'ዚ ኮይኖም ምጽንሖም ይፍለጥ።

ድምራዊ ውጽኢት ናይዚ ቀብጹ-ተስፋዊ ስጉምቲ፡ እቲ ኣብ ዓመተ 2023 ዝተራእየ ማለት፡ ንማእከላት ማሕበረ-ኮማት ብሓዊ ምቕጻል፡ ምዕናው ንብረት ህዝብን መንግስትን (ኤምባሲታት) ኣብ ዝተወሰዱ ሽበራዊ ስርሓት፡ ረብሻን ዕግርግራትን ንሰላማዊ ህዝባዊ ኣኼባታትን ፌስቲቫላትን ምዝራግን ምንባሩ ይፍለጥ።

ብኣጠቓላሊ ክርአ እንከሎ፡ ዕላማ ናይዚ ክንዝርዝሮ ዝጸናሕና እከይ ተግባራት፡ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ንከተማብርኸኹ ሓደ ዓቢ ሓይሊ ካብ ውሽጢ ሃገር እንተ ዘይተኻእለ ካብ ግዳም ጠፍጢፍካ-ጠፋጢፍካ ምቋም፡ ኣቕዲምካ ድማ ኑቲ ኣብ ግዳም ከይተሓለለ ክምክት ዝጸንሐ ግንባር ወጻኢ ንከተዳኽም፡ ብጸዐቂ ሓሶትን ፕሮፓጋንዳን ኣጨፈቕካን ኣርዒድካን ኣንጻር መንግስትን ህዝብን ክተተፋንዮም ምጽዋር እዩ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ናዕብታት ዘውድቡ ዋህዮታት ኩተስሉኽን ክተቐውምን እሞ፡ ከምቲ ኣብ ሃገራት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተኸስተ ንህላወ ሃገራት ኣብ ሓደጋ ዘውደቐን ህዝብታት ዝበታተነን "ዓረባዊ ጽድያዊ-ሰውራ" ዝመሳሰል ቅዳ፡ ውዳበታት ምቛም'ውን እዩ ነይሩ። እዚ ከኣ መዓልቱ በሊዑ ነብረያ ነበረ ኮይኑ በኺኑ።

ናይዚ፡ ጭብጥ መርትዖ፡ ከምቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ዝተሓበረ፡ ካብ 6 ክሳብ 16 ናይ ወርሒ መስከረም 2011 ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል እተጣበቦ



ስርሒት፥ ማለት ብምስጢርን ጥንቃቐን ምስ እተራቐቐ መራኸቢ መሳርሒታት ዝሓዘ፡ ንኡ ዝኣልዩ ኣካላት ዝበኩዎ ካብ እተፈላለዩ ነቑጣታት ተበጊሶ፣ ኣስመራ ከተማ ክራኸቡ፡ ዝተወደበ ጉጅለ፡ ካብ መፈጸሙ ከይተበገሰ ዝፈሸለ ስርሒት ሓደ ካብ ናይቲ እዋን'ቲ ውዲታት'ዩ ነይሩ።

ተጻባእትና፡ ዝ ክጥቀስ ዝጸንሐ መደብት ንምትግባር፡ ብገዚፍ ወጻኢ ዝምወላ መቐጸሪ ዘይብለን መርበብት ሓበሬታ፡ ሬድዮ፡ ቲቪን መርበብት ፓል-ቶክን ተሓጊዞም እዮም ኣበጊሶሞ። እቶም ዝበን መሳለጥያታት ፕሮፓጋንዳ መዓልታዊ ዝኩታተሉ ዕሱባት ከኣ፡ መሪሕ ኮይኖም ዝኣልዩዎም ፍሉይ ትምህርቲን ፍልጠትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ዝበርዎም፡ ሓገዝቲ ምንባሮም ዘማትእ ኣይኮነን።

ናይዚ መግለጺ ቀንዲ ተግባር፡ ቅጥዕን ዓቕምን ዘይብሉ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወራር ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ከም ማይ ኣይሂ ክዘንዎም ጸኒሖን ኣሎን። እዚ ካልኣይ ምዕራፍ ቃልሲ፡ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ቀዳማይ ምዕራፍ ቃልሲ ዝፈልዮ፡ እዚ ናይ ሶሻል ሚዲያ ምርግራግ ዓቢ ክፋሉ ምንባሩ እዩ። ኮይኑ ግን ንኤርትራዊ ንቕሓት ዘንጸላሉ ንድልውኑቱ ዝፈታትን፡ ንፍቕሪ ሃገሩ ዘሀስሱ ንጽንዓቱ ዘቓንቑ ሓሶትን ምድንጋራትን ኩቶ ኣይተራእየን፡ ብድሕሪ ሕጂ'ውን ኣይክርእን እዩ።

ንመዘዞሚ ጽሑፈይ ዝኾናኒ፡ ሕጡባት ጥቕሲ ናይ ኣቦና ሓርበኛ ሸኽ ዒብደልቃድር ከቢረ፡ ኣብ ናይ 10 ሰነ 1948 መደረኦም ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝተወደበ ስሙር ሰልፌ ጠለብ ንሃገራዊ ናጽነት፡ ዝሃብዎ ትንቢታዊ ጽሑፍ፡ ቀዳመይቲ ሕጡብ፡ ዝ ሕጂ ኣብ መስመር ሃገራዊ ደንብ ደው ኢሉ ዘሎ ተቓላሳይ ህዝብና፡ ሐዙዎ ዘሎ ትስፉው መኣዝንን ዘይተርፍ ዓወታቱን እትንብ ኮይና ስለዝረኸብኩዋ፡ እታ ጥቅሲ እንሆት፡

"እወ! ኑዑ መሰላ ትሓትት ዘላ ሃገር፡ ዝ ሓቂ ዝጠልብ ዘሎ ህዝቢ፡ እዚ ኩሉ ዝከኣሎ ሊጋስ ኣላህ፡ ውዒሉ-ሓዲሩ እታ ድልየቶም ክህቦም እዩ። ሃገርና፡ ንመሰላ ብዘይካ ናብኡ ናብ ካልእ ኣይተጸገዐትን 'እንተኣዐዊትኩምኒ፡ ከዐውተኩም'የ… ናባይ ተጸግዑ' ዝብል ቃል መብጽዓኡ ከኣ ዓወት'ዩ። እቲ ቀንዲ ጉዳይና ከኣ፡ ክብረት ህዝብን ሃገርን'ዩ። ክብረት ናይቲ ምእንቲ መሰሉን ሓቅን ዝተዋደቐ ህዝቢ! ሓቂ (መሰል) ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ናጽነትን ሓርነትን እዩ። እዘን ክልተ ቃላት'ዘኣተን፡ ምትሃት (ተኣምር) ኣለወን። ደጋጊምወን'ሞ …ወትሩ ከኣ ኣብ ልቡኹም ኣንብርወን…ዘክርወን… ክሳብ ኣብ ደምኩም ዝሰርጻ! ሽዑ እየን ንርሕቀትን፡ ሰፍሓትን ህዋ (ኣድማስ) መሊአን ንሰማያት ሰንጢቐን ናብቲ ዋና ፍትሒ ዝኾነ ኣላህ ዝበጽሓ! ኣላህ ከኣ ንፍጥረቱ ኣይብድልን እዩ።" ትብል ሕጡብ ሕጂ እውን ሃልሃልታኣ ይርአ ኣሎ።

ኑቶም ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ ምስ ሓይልታት ባዕዲ ዝመራሰሉን ዝኸናብሉን ዝነበሩ ባእታት ዝገልጽ ከኣ ከም'ዚ ዝብል ጥቕሲ ንዑቢ…

"እቶም ልቦም ዝጸልሙቶም ትርገም ናጽነት ስለዘይርኣዮም …. ልቦም ስለ ዝዓወረ… ኣመለኻኸቲኦም ክንዮ… ኣፍንጫኦም ዘይሰግር ይኸውን'ሞ፡ ኑቲ ኣላህ ዝዓደሎም ጸጋ ናጽነት፡ ብሕሱር ዋጋ ክሸጥዎ ንሕልናኦም ብምጽራር ብህዉኽ ኣካይዳ መፍቶ ሕሶት ጸላእቲ ናጽነት ይኾኑ። ንሶቶም ቅድሚ ዝኾነ ካልእ፡ ንመብጽዓ ኣላህ'ዮም ረጊጾም፡ መሰሉዎም እምበር ግደ ሓቅስ፡ ንገዛእ ርእሶም'ዮም ንባዕሎም ኩዲያምዋ! ስሒት'ውን የብሎምን።"

እታ ካልኣይቲ ሓያል ትሕዝቶ ዝሓቖፈቶ ጥቕሲ ምስ እነስተብህለላ ብሓቂ እዚ እንሓልፎ ዘለና ግዜ ከምኡ እዩ ዘሎ።

ሳላ'ቲ ኩሉ ብመኸተ ዝሓለፈ መዋእልን እንጓዓዞ ዘለና መንገዲ ጽንዓትን፡ ህላወ ኤርትራዊ ግንባር ወጻኢ (ህዝቢ) ንምልማስ እተኻየደ ኩሉ ዓይነት ወራራት ሲዒርናዮ ኢና። ጸላእትና ማለት ውሽጣውያን ዕሱባት ለኣኽቶምን ገና ኣይተማህሩን። ዝ ሕጂ ኣትዮሙዎ ዘለዉ ናይ መወዳእታ ቀቢጸዊ ፈተነ ድማ፡ ካብዘን ብሓባር ዝተኸታተልናየን ክልተ ትንግርታዊ መልእኽትታት ንላዕሊ መደምደምታ ክርከበሉ ኣይከኣልን'ዩ። ንቀጻሊ'ውን እንተኾነ፡ ኑቲ መሰናኽል ብርእሱምትእምማን ከም እንሰግሮ ብዘይጥርጥር ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና! ግንባር ወጻኢ ድማ ከም ወትሩ ኣብ ዕርድታቱ! ዓወትን ሓፋሽ!

